# መጥባሕቲ። ሉፐክቶሚን ማስተክቶሚን።

መብዛሕትኤንናይ ጡብ ካንሰር ዘለወን ደቅዊ እንስትዮ ናይ መጥባሕቲ ሕክምና ይግበረለን እዩ። መጥባሕቲ ብዝተኻእለ መብዛሕትኡ ንቲ ካንሰር ይኣልዮ ኣቲ ዓይነት መጥባሕቲ ምስኩነታት ናይቲ ሕሙም ኣዩ ዝካየድ ብዓይነት ገዚፍን ምስፍሕፋሕን ናይቲ ሕበጥ ወይድማ ጥረ። እቲ ዝካየድ መጥባሕቲ ውሳኔ ድማ ዝካየድ ብሓኪምክን ብናይ ባዕልኻን ውሳኔ መሰረት እዩ ዝካየድ።

ልሙድ እዩ መብዛሕትኦም ሕሙማት ብካልእ ሓኪም ዳግመ ምርመራ ክገብሩ ቅድሚ መጥባሕቲ።

ነቶም ዝካየዱ ዓይነታት መጥባሕቲ ዝተፈላልዩ ኣስማት መግለጽን ኣለዎም።ኮይኑ ግን እቶም ቀንዲ ፍሉጣት ኣዞም ዝስዕቡ ክልተ ዓይነት ኣዮም።

- **ሉምፐክቶሚ፡** እዚ ዓይነት መጥባሕቲ እዚ ነቲ ጥረን ኣኣብ ከባቢኡን ዝርከብ ቲሹ ይኣሊ ኩላ እታ ጡብ ብሙሉኣ ኣይሰዳን እዩ እዚ ዓይነት መጥባሕቲ ቅርጺ ናይ ጡብ ኣይቅይርን እዩ ቅርጺ ጡብ ዝትርፍ መጥባሕቲ ብዝብል ስያሜ ድማ ይጽዋዕ።



Image Source: National Cancer Institute; Donald Gates, Artist

- **ማስከቶሚ፥** እዚ መጥባሕቲ እዚ ብሙሉእ ኣካል ጡብ ብመጥባሕቲ ዝኣሊ እዩ ድሕሪ ኣዚ መጥባሕቲ ኣዚ እቲ ጡብ ዳግመ ጽገና ይግበረሉ ኣብ መብዛሕትኡ መጥባሕቲ ብመሰረት ምርጫ እታ መጥባሕቲ ዝተገብረላ ሰብ ድልየት ይካየድ።



Image Source: National Cancer Institute; Donald Gates, Artist

ናይ ላምፒክቶምን ማስከቶምን ሕክምናዊ መጥባሕቲ ኣብ ካየደሉ ግዜ ጽቅታት ብፍሉይ ተቖሪጸም ይእለዩ።ድሕሪ መጥባሕቲ ካልኦት  ዓይነት ሕክምናታት ይእዘዙ ክምሆርሞናል ተራፒ ወይድማ ከሞተራፒ ኣቲ ካንሰር ኣብ ካልእ ክፋል ሰውነት መታን ከየስፋሕፍሕ።

ዓቢ ካንሰር ወይ ኣጸቢቑ ዘስፋሕፍሔ ካንሰር መብዛሕትኡ ግዜ ብማስከቶሚ መጥባሕቲ ይፍወስን ይእለን፡ክምኡውን ሓድ ሓደ ግዜ ዓቢ ወይድማ ብጣዕሚ ዘስፋሕፍሔ ካንሰር ብላምፕቶክሚ ይእለን ይፍወስን እቲ ከሞተራፒ ነቲ ካንሰር ምስዘዳቕቕን ዝጭብጦን ይገበር ቕድሚ መጥባሕቲ። ንእሽቶይ ናይ ጡብ ካንሰር( 4 ሰንቲሚተር ወይ ትሕቲኡ) መብዛሕትኡ ግዜ ብዕዉት ኣገባብ ብማስከቶሚ ወይድማ ሉምፕክቶሚ,ራድየሽን ብሓባር ኣጣሚርካ ብምክያድ ክግበር ይከኣል።

ኣብዞም ክልተ ዓይነት መጥባሕቲ እዚኦም ጠቕምን ጉድኣትን ክህሉ ይኽእል ንምሳሌ ላምፒክቶሚ ነቲ ናይ ጡብ ተፍጥሮኣዊ ቅርጺ ክዕቅብ ይኽእል ይኸውን ግን ናይ ሹዱሽተ ወይድማ ሸውዓተ ሳምንታት ዕለታዊ ናይ ራድየሽን ሕክምና ክካየድ ይግባእ ድሕሪ ወርሒ እቲ መጣሕቲ ድሕሪ ምክያድ።ማስከቶሚ እቲ ኣብቲ ካንሰር እተረኽቦ ጡብ ካንሰር ክምዝይምለስ ክቕንስ ይኽእል ይኸውን።ኮይኑ ግን እታ ዝሓመመት ሰብ ድሕሪ እቲ ዝተገብረላ ናይ ማስከቶሚ ጡብ ምእላይ መጥባሕቲ ዳግመ ምህናጽ ናይ(ሰብ ዝሰርሖ ጡብ)  ክግበረላ ክትመርጽ ትኽእል።

ሓድ ሓደ ሕሙማት ንእሽቶይ ናይ ጡብ ካንሰር ዝሓዘን ምርጫ ናይ ላምፐክቶሚ ክገብራ ምርጫ ክህልወን ይካል ይኸውን ግን ማስከቶሚ ክግበረለን ይደልያ ይኾና ብመሰረት ውልቃዊ ድልየተን። ብዛዕባ ዞቕርበልክን ምርጫን ጠቕምን ጉድኣትን ናይ ክልቲኡ ዓይነት መጥባሕቲ ምስ ሓኪምክን ከትማኸራ ትኽእላ። ንገልጼን ደቂ ኣንስትዮ ጡብን ኽዕቅባ እድላዩ ኮይኑ ይረኽብኦ ንግልጼንድማ እጥባተን ክዕቕባ ድልየት የብለን ካልኦት ጉዳያት ማለት ግዜን ጎኒ ሳዕቤን ራድየሽንን ክምኡውን ስክፍታ እቲ ካንሰር ኣብ ካልእ ክፋል ናይጡብን መርበብ ክምእንደገና ከይምልስን።።

ሓድ ሓደ እዋን ድሕሪ ናይ ላምፐትኮሚ ሓኪም ካልእ ተወሳኺ መጥባሕቲ ክእዝዝ ይኽእል ይኸውን (ረኤክሲሽን ዝበሃል) እቲ መጥባሕቲ ክምእንደገና ኣብቲ ናይ ቅድም ላምፐክቶሚ መጥባሕቲ እተገብረሉ ክፋል ናይ ጡብ ብምግባር ቲሹ መርበብ ነቲ ሕበጥ ከቢብዎ ዝነበረ ንምቕንጣብ መጥባሕቲ የካይድ።እቲ ናይ መጥባሕቲ ክኢላ ሓኪም ነዚ መጥባሕቲ እዚ ዘካይዶ ኣብቲ ከባቢ ናይ ቲሹ ናይ ካንሰር ዋህዮታትት ሰልስ ምስዝርከቡ እዩ እብቲ ናይ ቐዳማይ ዝተገብረ መጥባሕቲ ከባቢ ኣብ ዝርከቡ ቲሹስ። እብቲ ናይ ቅድም ሕበጥ ጥረ ኣከባቢ ዝነበሩ ካብ ካንሰር ነጻ ዝኾኑቲሹስ ምእላይ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ ኩሉ እቲ ካንሰር ክምዝእለ ንምግባር ሓኪምኪ ነዚ መጥባሕቲ እዚ ምጽራይ ደረት (ክሊሪንግ ዘማርጂን) ይሰምዮ እዚ ልሙድ መስርሕ እዩ።

ኣብቲ ናይ መጀመርያ ፈተነ ክሊር ማርጂን  መስርሕ ዕዉት ምስዘይከውን ክምእንደገና ንኻልኣይ ሳልሳይ ግዜ ደጊሞም የካይድዎ።እቲ ክሊር ማርጂን ክረኽቡ ምስዘይካ ኣሉማስከቶሚ ምግባር ይምረጽ።ሓድ ሓደ ግዜ እቲ ናይ ናይ ጡብ ካንሰር ምስፍሕፋሕ ምቁጽጻር ብጣዕሚ ኣይኽኣልን ኣዩ እቲ እንኮ ምርጫ ናይ ማስከቶሚ መጥባሕቲ ምግባር ጥራይ እዩ እቲ ሕማም ክእለ ዝኽእል'።

## ምሉእ ላምፐክቶሚ።



እታ ሕምምቲ መድሃኒት ይእዘዛላ ቓንዛን ጭንቀትን መታን ክከላኸለላ እቲ ናይ ጡብ ቦታ ቁጽሪ ይጸሓፈሉ እታ ሕምምቲ ብንቕሕታ ከይደቀሰት እንከላ ንጭንቀታን ቃንዝኣን ንምዕጋስ ምድሃኒት ክምትወስድ ይገበር ወ ይድማ ክምትድቅስ ዝሕግዛ መድሃኒት ይወሃባ ኣብ ግዜ መጥባሕቲ ቃንዛ መታን ከይስምዓ።እቲ ናይ መጥባሕቲ ክኢላ ሓኪም ንእሽቶ ቦታታይጭንድሕ ኣብ ከባቢ እቲ ጥረ ወይ ድማ ሕበጥ ነታ ጥረ ጠቢሑ የውጽኣ ምስ ቁሩብ ኣኽቢብዋ ዝነበረ ቲሹን እዚ ናይ ላምፐክቶሚ መጣሕቲ ዝተገበረለን ሕሙማት ሓደ ወይድማ ክልተ ለይቲ ጥራይ እየን ኣብ ሆስፒታል ዝድቕሳ።

## ድሕሪ ላምፐክቶሚ ስዒቦም ዝመጹ ጎድናዊ ሳዕቤናት

ግዝያዊ ሕበጥ ናይ ጡብ ምትራር ጡብ ብምኽንያት በሰላ መርበብ ቲሹ ኣብቲ ቁስሊ ዝተዓጸው ፈሳሲ።ድሕሪ ራድየሽን ክኸተሉ ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናት ድማ ድኻም ናይ ቆርበት ምሕካኽ ወይ ምቕያሕ ኣብ ከባቢ ራድየሽን ዝተኻየደሉ ኣካል እዞም ጎድናዊ ሳዕቤናት ግዝያዊ እዮም።መብዛሕትኤን ደቂ ኣንስትዮ ልሙድ ንጥፈታተን ከካይዳ ይኽእላ ኣየን ድሕሪ ክልተ ሰሙን ምሉእ ናይ ምሕዋይን እቲ በቁስሊ ክሓውን ድሕሪ እዋርሕ ምውሳድን ክኸውን  ይኽእል እቲ መጨረሻ ንቡር ቅርጺ ናይ ጡብ ክምለስ ብዝቀልጠፈ ግዜ ክኸውን ኣይካልን እዩ።

## ንማስከቶሚ።



 እታ ሕምምቲ ንክትድቕስ ዝሕግዛ መድሃኒት ይወሃባ ኣብ ግዜ መጥባሕቲ እቲ ማስከቶሚ ካብ ትሽትሽ ናይ ኢድ ዝውሰድ ጽቑ  ኮይኑ ካብ 2-3 ሰዓታት ኣቢሉ ይወስድ።ናይታ ሕምምቲ ሰብ ትርግታ ልብን ጸቕጢ ደም ድማ እቶም ሓካይም ይከታተልዎ ኣብ ግዜ መጥባሕቲ። ኣቲ ናይ መጥባሕቲ ክኢላ ሓኪም ኣብቲ ግዳማዊ

ወሰን ናይ ጡብ ኣብቲ ሕበጥ ዝቐረበ መጥባሕቲ የካይድ። መብዛሕትኡ እቲ ቖርበት ኣይትንክፎን ኣዩ እቲ ናይ ጡብ ጫፍውን ይሓድጎ ኮይኑ ግን ነቶም ጸባ ዝሕዙ ዋህዮታት ናብ ናይ ጫፍ ጡብ ዘምርሑ ግን ብመጥባሕቲ ይኣልዮም።እቶም ቲሹስ ትሕቲ ቖርበት ዝርከቡ ቀስ ኢሉ ይኣልዮም ናይ ብላስቲክ ሻምብቖ መትኒ ኣብቲ ቦታ የቐምጥ ፈሳሲን ደምን ከልግስ ኣብ ግዜ እቲ ቁስሊ ዝሓውየሉ ግዜ እቲ ናይ ፕላስቲክ ሻምብቆ መትኒ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ይለግስ እቲ ቆርበት ብጥንቃቐ ብጋንሺ መትሓዝን ይዕጾ ድሕሪ ሰሙን ድማ ይለግስ።ባንድጅ ነቲ መጥባሕቲ ኣተገብረሉ ቦታ ይሽፍን  መብዛሕትኡ ግዜ በሰላ  መስመር ይሓድግ ድሕሪ ምሕዋዩ። ናይ ማስከቶሚ ሕሙማት መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሓደ ክሳብ ሰልስተ መዓልቲ ወይ ድማ ልዕሊኡ ኣብ ሆስፒታል ይድቕሳ።እታ ሕምምቲ ንሓደ ሰሙን ትድቕስ እቲ ጽገና ክምዝድለ ምስዘይኽይድ ማለት እቲ ቲሹ ካብ ካልእ ክፋል ሰውነት ተቐንጢቡ ዝለገበ ምስዝኸውን።

## ድህሪ ማስከቶሚ ስዒቦም ዝመጹ ጎድናዊ ሳዕቤናት።

ደም ኣብቲ ቁስሊ ምስ ዝዓቑር ጽሩይ ፈሳሲ ኣብቲ ቁስሊ ምስዝዓቁርን, ግዝያውን ቀጻሊ ጸገም ምንቅስቓስ ኢድን መንኩብን ክስዕብ ይኽእል።ኣብቲ ጡብ ዝነበሮ ቦታ ደንዚዙ ይተርፍ ድሕሪ ማስከቶሚ መብዛሕትኤን ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ጡብ ዝነበሮ ቦታ ቃንዛ ይስምዔን ወላውን እቲ ጡብ ብመጥባሕቲ ይትኣለ።እተን ሕሙማት እቲ ዝስምዔን ዓይነት ቃንዛ ንሓኪመን ክሕብራ ይግባእ መታን ነቲ ቓንዛ ዘህድእ መድሃኒት ክእዝዘለን።

ናይ ማስከቶሚ መጥባሕቲ ዘካየዳ ሓድ ሓደ ደቒ ኣንስትዮ ናይ ጡብ ዳግመ ጽገና ክግበረለን ይደልያ። ዝተፈላለዩ ናይ ዳግመ ጽገና ዓይነታት ኣለዉ ናይ ዳግመ ጽገና ጡብ ምድላው። ብዛዕባ ዘሎክን ዓይነት ምርጫታትት ቅድሚ መጥባሕቲ ንሓኪምክን ተማኸራ። ሓድ ሓደ ግዜ ናይ ጡብ ዳግመ ጽገና ኣብ ዝካየደሉ እዋን ብቕልጡፍ  ድሕሪ መጥባሕቲ ከምዝካየድ ሓኪም ይእዝዝ ይኸውን ድሕሪ ናይ ማስከቶሚ መጥባሕቲ። ሓድ ሓድ ግዜ ድማ ድሕሪ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክካየድ ይእዝዝ ይኸውን። ገሊኤን ደቂ ኣኣንስትዮ ናይ ጡብ ዳግመ ጽገና ክግበረለን ይደልያ ይኾና ገሊኤን ድማ ዝኾነ ነገር ክገብራ ኣይደልያን ወይድማ ናይ ጡብ ምቕናስ ዳግመ ጽገና ክገብራ ይደልያ ናይታ ጥዕቲ ጡብ ወይድማ “ፕሮስተሲስ” እዚ ሰብ ዝሰርሖ ዓይነት ጡብ ኮይኑ ኣብ ዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ መትሓዚ ጡብ ረቒቢቶ ወይ ምሓንበሲ ናይ ውሽጢ ቐምሽ ዝስኳዕ ኮይኑ ቕርጺ ናይ ጡብ  ንኽመስል ዝተሰርሔ  ኣዩ።

ጽቅታት ወይድማ ሊምፍ ኖድስ ኣብ ግዜ መጥባሕቲ ተኣልዮም ምስዝኾኑ ኣብቲ ናይ ላዕለዋይ ወገን ናይ ኢድ ቆርበት ምድንዛዝ ክስዕቡ ይኽእሉ ኣዮም።ስለዚ እታ መጥባሕቲ እተኻየደላ ጓል ኣንስተይቲ ድሕሪ መጥባሕቲ ንኢዳ ዕረፍቲ ክትገብር ይግባእ ክምኡውን ልዕሊ ልባ ንውሑዳት ሰዓታት ኢዳ ከተዕርፍ ኣለዋ መታን እታ ኢድ ሕበጥ ከይተኸትል።እታ ሕምምቲ ብርቱዕ ናይ ሰውነት ምንቅስቓስ ካብ ምዝውታር ክትቁጠብ ይግባእ እቲ ቁስሊ ኣኣብ ዝሓውየሉ ግዜ መታን ከይጉዳእ።